
*ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት*
*ኩሉ ይመሃር፡ ዝተማሕረ ይምሃር*

ፍልጠት ዘይዓጠቖ ህዝቢ ነጻነት ክዕቅብ፣ ምዕባለ ከመዝግብ፣ ሃገር ክሃንጽን ክከላኸልን ስለ ዘይክእል፣ ህዝባዊ ግንባር ድሮ ከሎ ገና ህዝቡ ክነቕሕን ክብልሕን፡ ነቲ ዝቃለሰሉ ዓላማ ብዝግባኣ ተረዲኡ ጸላእቱን ፈተውቱን መታን ኣነጺሩ ክፈልጥ ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣብ መትከሉ ኣስፊሩ ኣብ 3ይ ሃ.ማ.ሰ.ኤ. ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ሰራዊትን ካብ ጸላኢ ነጻ ዝኾነ ዓድታትን (ሓፋሽን) ክወሓብ ዝወሰነ። ኣብዚ ክንግንዘቦ እንኽእል ነገር እንተሎ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ክረጋገጽ መታን ህ.ግ. ኣብ ሜዳ ከሎ እዩ መንገዲ ጸሪጉ ከስተምህር ዝጀመረ። እቲ ዝተገብረ ጻዕሪ ቀሊል ከምዘይነበረ እዚ ሎሚ እንምስክሮ ዘሎና ውጺት ትምህርቲ ዓቢ ምስክር እዩ።






## "ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት"

ኤርትራ ፖለቲካዊ ናጽነት ተነፊጉዋ ናይ ቁጠባኣ ቀንዲ መዋፈሪ ተዘሚቱ ብድኽነትን ሕማምን ተኸኒና ዘጸንሐት ገዛእቲ ሃገር ብሙዃና ባህላዊ ምዕባሌኣ'ውን ብኡ መጠን ተደቒቑ ኢዩ::

ስርዓት ሃይለስላሴ ይኹን ደርግ ባህሊ ኤርትራ ክምዘይድንፍዕ ጥራይ ኣይኮኑን ጌሮም:: ነቲ ዝጸንሐ ባህሊ ኣጽኒቶም ብመግዛእታዊ ባህሊ ንምትኩኡ'ውን ኣብ ቀጻሊ ባህላዊ ወራር ኢዮም ዘለዉ::

ቦብ ተማሂሩ ንኹሉ'ቲ መንነት ህዝቢ ኤርትራ ዘርኢ ንኽይፈልጥ መታን ብዙሕ ፈቲኖም' ኢዮም:ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ነቲ ክፋል ናይቲ ህዝቢ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ ዓመታት ካብ መሃይምነት ንምግልጋል ሰፊሕ ናይ ምጥፋእ መሃይምነት ዘመተ ተኻይዱ ዓቢ ኣበልጠ ተረኺቡዎ'ዩ::

ሃማቅኤ ኣብቲ ሓራ መሬት ኤርትራ ዘካየዶ 3ይ ጉባኤኡ ብዛዕባ ምጥፋእ መሃይምነት ሐደ ካብቶም ኣገደስቲ ነጥቢ ዝዘተዓለም ምንባሩ ኣይርሳዕን::ነዚ ንምትግባሩ ድማ ማእከላይ ባይቶ ሃማቅኤ ኣብ ቀዳማይ ኣኼባኡ ብዓቢ ኣተኩሮ ካብ ዝጠመቶን ነፍሲ ወከፍ ዝተማህረ ድማ ኣብዚ ዘመተ'ዚ በቲ ዝወጽአ መደብ ክተሓባበር ኣዘካኺሩ::

ኣቲ ዘመተ ውጡን ናይ ሓባር ናይ ምጅማር መዓልቲ ካብ"1 ግንቦት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ሸቃሉ" ንድሕር ከምመበገሲ ኮይኑ፣

1ይ ክፋል ካባብ መወዓእታ ወርሒ 12/88
2ይ ክፋል ካባብ መወዓእታ ወርሒ 3/39 .....ወዘተ እናበለ ይቕጽል::

ኣቲ መደብ ድማ ኣብቲ ዘዘሉናዮ ቦታታት ተበሪዑ ይቕርብ::

ስለዚ:— ነዚ ዓቢ ተልእኾ'ዚ ንምፍጻም ኩሉ ሃገራዊ ከምህርን ክምሃርን ይግባእ::

ዓወት ንሓፋሽ!

ማ/ባይቶ ሃማቅኤ

1978